## ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮን በዓል ተጋርባን ኣብ ካስል ብድምቀት ተኸቢሩ ውዒሉ

ብጨንፍር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝተዳለወ ድርብ በዓላት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ንስትዮን ዓወት ኲናት ተጎርባን ካብ መላእ ጀርመን ብዝመጹ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ኣብ ካስል ብዝርከቡ ኣባላት ሃገራዊ ጉባኤን ካልኦት ኤርትራውያንን ዝተሳተፍዎ ብዕለት 18.03.2006 ክብ ብዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ ውዒሉ።

ብጸይ ተስፉ ዘርኡ ኣቦ መንበር ጨንፈር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውርዊ ባይቶ ብዝሃቦ መኽፈቲ ቃል ዝተጀመረ በዓል፡ ብርክት ብዝበለ መድባት ኢዩ ማዕሪጉ ሓዲሩ። ብጸይቲ ጽርሃ ሰሎሙን ብስም ደቀ-ኣንስትዮ ዞባ ጀርመን ተሓኤ-ሰባ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ከም ኣጋጣሚ ብምግባር ታሪኽ ቓልሲ እርትራዊት ጓለ-ኣንስተይትን፡ ኣብዚ እዋንዚ ብምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝወርዳ ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን፡ ካብዚ ንምግላጋል ከትገብሮ ዘለዋን ዝገልጽ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ (ሙሉእ ትሕዝቶ መግለጺኣ በይኑ ክቕርብ ኢዩ)። ድሕርዚ ብኣባላት ጽባሕ ዝተዳለወ መዝሙር ብዝዕባ ተጎርባ ድሕሪ ምስማዕ፡ ብጸይ ኣሰፋው በርሀ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ፖለቲካውን ስርርዓውን ጉዳያት ነዚ ክልተ በዓላት እዚ መንቀሊ ብምግባር ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። እዚ መግለጺዚ ድሕሪ ምቕራቡ ከኣ ህዝቢ ሓሳቡ ንከቕርብን ሕቶታት ክሓትትን ዕድል ዝኸፍት ሰሚናር ተኻይዱ። ኣብዚ ሰሚናር እዚ ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ሕቶታት ብግቡእ ተመሊሶም። ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ሓሳባት ውን ብግቡእ ብኣካየድቲ ሰሚናር ተወሲዶም።

እዚ በዓል እዚ ብብጾት ዓንደጽዮን ግርማይን፡ ኣፈውርቂ ኣባይን፡ መሓሪ ተኸስተን ዝተደርሰ ኣለዓዓልን መሃርን ግጥምታት፡ ከምኡ ውን ብሙዚቀኛታት ተመስገንን ሳምሶንን ኣዚኡ ሞይቑን ደሚቑን ሓዲሩ። (ስእላዊ ጸብጻብን ኣብኡ ዝቐረበ መልእኽታትን ኣብ መጸኢ ክቐርብ ኢዩ።)

### ብሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት፡ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮን ንመበል 42 ዓመት በዓል ዓውት ተጎርባን ኣመልኪቱ ብ18.03.2006 ኣብ ካስል ዘስምዖ ቃል

ኣቐዲመ ንዝኽሪ መበል 42 ዓመት ዓወት ተጎርባን፡ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ንምኽባር ዝተኣከብኩም ኣሓትን ኣሕዋትን ክቡር ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ነዚ መደብዚ ሰሪዕኹም ንኹሉና ነዚ ክልተ ክቡር በዓላት እዚ ከነኽብርን ክንዝክርን ዘብቃዕ ኩምና ብጾት ኣባላት ጨንፈር ተሓኤ ሰ.ባ ኣዋራጃ ሂሰን ጉጅለ ካስል፡ ንዕውት ስራሕኩም እናኣመጉሰኩ፡ እንቋዕ ደስበለኩም እብለኩም።

ሎሚ ንዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ በዓል ደቀ-ኣንስትዮን፡ ንዝኽሪ መበል 42 ዓመት በዓል ዓውት ተጎርባ ክንዝክር ከሎና፡ ነዘን ታሪኻዊ መዓልቲታት ዚኣን ከም ኣጋጣሚ ወሲድና ንዝሓለፈን ንዝመጽእን ንምርእይን ካብቲ ሓቀኛ ታሪኻዊ ቁምነገራተን፡ ኣገዳሲ ትምህርቲ ንምውሳድ ኢዩ።

መዓልቲ ኲናት ተጎርባ፡ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ዘበርክተቶ ኣስተዋጽኦን ክትልግሰልና ዝኽኣለት ትምህርቲ ቅድሚ ምብራህ ግን፡ ኲናት ተጎርባ ስለምንታይ ከም መዓልቲ ሰራዊት ከምእትዝከር ብሓጺር ምግላጽ የድልየኒ።

ናይ ሎሚ 42 ዓመት ዝተሰርሐ ፍጻመ፡ ዓውት ተጎርባ፡ ብብዙሓት ኣብ ቃልሲ ዝነበሩን፡ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቦም ክከታተሉ ዝጸንሑን ሰባት ኣገዳስነቱን ታሪኻውነቱን ፍሉጥ ኢዩ። ኣብ ኤርታራ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ጉጅለ ግን፡ ናቱ ታሪኽ ጥራይ ክጸሓፍን ክንበብን ክዝረብን እንተዘይኮይኑ ካልእ ፍጻመታት ክትረኽ ስለዘይደሊ እቲ

ዝግብኦ ስፍራ ኣብ ነዊሕ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይምሓዙ፡ ንብዙሓት መንእሰያት ደቂ ሃገር ዘይፍሉጥ ኮይኑ ይኸእል ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰባ ንመዓልቲ ኵናት ተጎርባ፡ ከም በዓል ስራዊት ሓርነት እተብዕሎ፡ ዓመጽትን ገዛእትን ሓይልታት ክሳብ ክንደይ ይሓይሉ፡ ክሳብ ክንደይ ይተዓጠቑ ብዘየገድስ፡ ኣብ ቅድሚ ሓይልታት ሓቅን ፍትሕን ተሳዒርቲ ምዃኖም ተጎርባ ኣብ ቃልስና ሓቅነቱ ዘመስከረትን ዓባይ መረዳእታ ስለዝነበረትን ኢያ። ዕለት 15 መጋቢት፡ ናይቲ ቅድሚ 42 ዓመት ማለት መጋቢት 1964 ኣብ ተጎርባ ዝተባህለ ቦታ፡ ሓይልታት ውግእ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ውግእ ሰራዊት ኵናት ጌረን ዓቢ ዓወት ናይ ዝተጓናጸፋሉ መዘከርታ ኢዩ።

ስርዓት መንግስቲ ሀይለስላሰ፡ ንዕሸል ናይ ሰለስተ ዓመት፡ ገና በእጋሩ ረጊጹ ኸይደ ዘይክእል ንዝነበረ ሰውራ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ ንመጀመርያ ግዜ፡ ናይ ውግእ ሰራዊት ዘፈረሉ ኵናት ኢዩ ኔሩ። ኣብቲ እዋንቲ፡ ኣሎ ዝበሃል ዝነበረ ዕጥቂ ኣዕጢቑ ሰውራ ኤርትራ ንምጽናዕት ኢዩ ጸላኢ ኩቲቱ ወጺኡ። ብወገን ተዋጋኢ ሓይሊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ግን፡ ብዘይካ ትብዓትን ቆራጽነትን ካብ ፍትሓውነትን ሓቅነትን ናይ ዕላማኡ ዝነቐለ ተረር ናይ ተዓዋትነት እምነትን ተሰፋን እንተዘይኮይኑ፡ ዝሓዝዎ ዕጥቂ ዘይነበሮም፡ ቁጽሮም ውሑድ፡ ዝርካቦም ከኣ መብዛሕትኦም ብረት ዘይዓጠቑ ጃለታት ኢዮም ኔሮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ኵናት ኣሰላልፋ ኢዩ፡ እቲ ንባዕዳዊ ጸላኢ ዘሕፈረ መስተንክራዊ ታሪኻዊ ዓወት ዝተፈጸመ። ኣብቲ ኵናት እቲ መደባት ባዕዳዊ ጸላኢ ብጀጋኑ ሓርበኛታት ተጎርባ ተኾርቲሙ። ከቢድ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ተሰኪሙ ናብ ዝተብገሰሉ ቦታ ንክምለስ ተገዲዱ።

ኵናት ተጎርባ ካብ ፍትሕን ሓቅን ዝነቐለ ቃልሲ፡ ብገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ ክድምሰስ ከምዘይክእልን ተዓዊቱ ከምዝወጽእን ኣረጋጊጹ። ብዓይኒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ጉዳይ ኤርትራ ውሽጣዊ ጉዳይ፡ ናይ ሽፍትነት ጉዳይ ተቖጺሩ ዝሽፈን ዝነበረ፡ ብሳላ ዓውት ተጎርባ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዓለም ከም ናጽነታዊ ተጋድሎ ኣቓልቦ ክረክብ ጀሚሩ። ብቀንዱ ከኣ ነቲ ዝኸይድ ዝነበረ ቃልሲ ብዙሕ ካብ ህዝብና ክፈልጦን ክሳተፎን ብምኽኣል፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ኣሰጋጊርዎ።

ሎሚ ንዓውት ተጎርባ ዝመርሑ ጀጋኑ ተጋደልቲ መብዛሕተኦም ብሂወት የለውን። እቶም ናይ ዕድመ ጸጋ ረኺቦም ተሪፎም ዘለዉ ከኣ፡ ናብረኦም ክናብዩሉ ዘይክእሉ ዕ ድመ በጺሖም ኢዮም። ጀጋኑ ተጎርባን ኣሰሮም ተኸቲሎም፡ ንሃገርና ናጽነታ ዘልበሱ ጀጋኑን ሙያኦም ኣብ ታሪኽ ዓቢ ምዃኑ ፍሉጥ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኤርትራ ተተኺሉ ብዘሎ ስርዓት ግን፡ ሙያኦም ተኸቢሩን ተዘኪሩን ክነብር ኣይከኣለን። ጀጋኑ ተጎርባ፡ ብስራሖም ክስለሙ፡ ክጥወሩ፡ ብታሪኾም ከኣ ብኽብሪ ክተሓዙ ዝነብሮም፡ ከም ኣገልግሎቱ ዝወድአ ንብረት ብህሉው መንግስቲ ኤርትራ ተሰንዲዮም ኢዮም። እዚ ክትዕዘብ ከለኻ፡ እዚ ብልሹው ስርዓት እዚ ክሳብ ክንደይ ንቅዱስ ዕላማታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጠምዚዙ ኣብ ጸቢብ ረብሓታቱ ዘውዕሎ ምህላዉ ኢዩ ዘመስክር።

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን

ንመዓልቲ ኩናት ተጎርባ ክንዝክር ከሎና፡ እቲ ካብኣ ክንወስዶ እኽእል፡ ንሎሚ ዘገልግለና ኣስተምህሮ ብዙሕ ኢዩ፡

- እቲ ብ1991 ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ናጽነት፡ ከም ተጎርባ ዝኣመሰሉ ጅግንነታዊ ፍጻሚታት ተደማሚሮም ዘረጋገጽዎ ኢዩ። ብዘይዚ ዓውታት እዚ ሃገርና ካብ ባዕዳዊ ጎበጣ ናጻ ኣይምኾነትን።

- ዓመጽትን ገዛእትን ሓይልታት ክሳብ ክንደይ ይሓይሉ፣ ክሳብ ክንደይ ይተዓጠቑ ብዘየገድስ፣ ኣብ ቅድሚ ሓይልታት ሓቅን ፍትሕን ተሳዓርቲ ምዃኖም ተጎርባ ኣብ ቃልስና ንመጀመርያ ሓቅነቱ ዘመስከረት ኢያ።

- ዉሑድ ሰብኣዊ ቁጽርን ዕጥቅን ዘውንኑ ውሩያትን ቆራጻትን ሰብ ዕላማ፣ ንኩነታት ቃልሲ ክቕይርዎ ከምዝኽእሉ ተጎርባ ዓባይ ትምህርቲ ኢያ ኔራ።

- ዕላማ ናይቲ ኲናትን ኣብኡ ዝተኸፍለ ዋጋን፣ ንዝተመንዘዐ ሃገራዊ መንነትን ክብርን ኣምሊስካ ብፍትሕን ናጽነትን ንምንባር ኢዩ ኔሩ።

- እዚ ኣብዚ እዋንዚ ዝካየድ ዘሎ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን ቃልስና ውን ልክዕ ከምቲ ብባዕዳውያን ስርዓታት ኢትዮጵያ ህዝቢ ኤርትራ ንዘካይዶ ዝነበረ ቃልሲ፣ ዘይስሙን ዘይሕብሩን ዝህብዎ ዝነበሩ፣ ሎሚ ውን ካብ ታሪኽን ተመኩሮን ክመሃር ብዘይክእል፣ ባዕዳዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ተኪኡ ዝመጸ ዲክታቶርያዊ መንግስቲ ክጽልምን ዘይናቱ ክወሃብን ኢና ንርእዮ ኣሎና። እዚ ከኣ ናይ ኩሎም ገዛእትን ጨቀንትን ባህሪ ሓደ ከምዝኾነ ዘመልክት ኢዩ።

- ከምቲ ቅድሚ 42 ዓመት፣ ተቓለስቲ ናጽነት፣ ጀጋኑ ተጎርባ፣ ልዑል ቆራጽነትን ተውፋይነትን ኣርእዮም መስተንክር ዝኾነ ዓወት ፈጺሞም ንኩነታት ናብ ጠቕሚ ሰውራና ዝቐየርዎ፣ ሎሚ ውን፣ ተቓለስቲ ፍትሕን ዲሞክራስን፣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣልጊስካ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ ተበጊሶምሉ ዘለዉ ዕላማ ንክዕ ወት፣ ነዚ እዋንዚ ክበቅዕ ዝኽእል ታሪኻዊ ፍጻመ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ ኢዮም ተጎርባ ምሂራ።

መላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንዝተዓጥቀሉን ዋጋ ዝኸፈለሉን ሰውራ ኣማስያኡ ባዕዳዊ ጸላኢ ካብ ሃገር ብምስጓግ ሃገራዊ ነጻነት ተረጋጊጹ። እዚ ዝተረጋገጸ ነጻነት፣ ሰውራ ኤርትራ ክከፍሎ ግድን ዘይነበረ ዋጋ ከፊሉ፣ ክጓዓዘሉ ግድን ዘይነበረ መንገዲ ተጓዒዙን ኢዩ መጺኡ። ብሰንኪ ሕጽረት ብቑዕ ኣመራርሓ ግዜ ቃልስና ተናዊሑ ኢዩ። ብሰንኪ ዘይብሱል ኣገባብ ኣተኣላልያ ግርጭታት ክሳብ ሎሚ ውን መዘዝ ኮይኑ ዘሎ ኣብ ቃልስና ክንከፍሎ ዘይነበረና ዋጋ ተዓጻጺፉ ኢዩ። ካብ ኣንጻር መግዛእቲ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ዘይውሕድ፣ ኣንጻር ሓድሕድ ከፊልና ኢና። እዚ ኩሉ፣ ኣብቲ ባዕዳዊ ጸላኢ ድሕሪ ምስጓጉ ኣቲናዮ ዘሎና ሃገር ናይ ምህናጽ ሓዲሽ መድረኽ፣ ከም ትምህርቲ ክኸውን ዝግብኦ ነይሩ። እቲ ዘሕዝን ግን ክሳብ ሎሚ ከይኮነ ተሪፉ።

ህዝብና ኣብ ትሕቲ ባዕዲ ዘሕለፎ መከራን ስቓይን፣ ካብቲ ስቓይቲ ንክገላገል ኢሉ ዝኸፈሎ መስዋእትን ክይኣኽሎ ሎሚ ከኣ እንሆ 15 ዓመት ኣሕሊፉ ኣብ ትሕተ ናጽነት ኣምጺእና ዝብሉ፣ ደቀይ ኢዮም ብዝብሎም ዝኸፍእ ጭቆና ይልብለብ ኣሎ። ንናጽነት ሃገሩን፣ ክብሪ መንነቱን ኢሉ ዝተቓለሶ ቃልሲ ኣብ ዝያዳ ሕሰረት ኣእቲዩዎ። ክርህዎን፣ ብፍትሕን ናጽነትን ንክነብር ኢሉ ከቢድ መስዋኣቲ ዝኸፈለሉ ቃልሲ፣ መላእ ህዝቢ ዝዋረደሉን ዝደኸየሉን ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ሰበ-ስልጣን ገዛኢ ጉጅለ ዝሕጎስሉን ኮይኑ ተሪፉ።

ህዝቢ ኤርትራ ከም ሎሚ ጌሩ ኣብ ታሪኹ፣ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን መንግስታት ውን ጭኮናን ሕሰምንን፣ ውርደትን ማእሰርትን ሞትን ኣየጋጠሞን። ከም ሎሚ ጌራ ኤርትራ፣ ህዝባ ክነብረላ ናብ ዘይክእል ረመጽ ተቐይራ ኣይትፈልጥን። ኣብ ታሪኹ ንመጀመርያ ግዜ፣ ዝሸምገሉን ዝኣረጉን ዝሓመሙን ወለዲ ጠውርቶም ካብ ኢዶም ዝምንጠሉ ዘለዉ። ህዝቢ ኤርትራ ሰሚዕውን ወሪድዎን ኣይፈልጥዎን ኢዩ፣ ወለዲ ብምኽንያት ብጹሓት ደቆም ዝኽሰሱሉን ዝእሰርሉን። ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግዲፍ፣ መንእሰያት ብጅምላ ዝቕንጸሉሉ ኩነታት ኢዩ ህዝብና ዘሕልፍ ዘሎ። ዝኣኸለ መንእሰይ

ኣብ ክንዲ ንትምህርትን ንምዕባለን ዝኹስኮስ፡ ንዕስክርናን ንባርነትን ኢዩ ዝኹሾኾስ ዘሎ። ስርዓት ህግዲፍ ናይ ስራሕን ትምህርትን ጥዕናን ማእከላት ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ዝሃንጽ፡ ቤት ማኣሰርትን ናይ ውግእ ማኣከላትን ኢዩ ዝሃንጸሉ ዘሎ። ኣብ ክንዲ መናግድትን መሳርሕትን ተሓጋገዝትን ዝኾንዎ መንግስታትን ማሕበራትን ዝፈጥር ክዋግኦኦን ክናገርኦን ዝኽእላ መንግስታት ኢዩ ዝፈጥር ዘሎ።

እቲ ንህዝቢ ኣንጻር ገዛእቱ ዘላዕሎ፡ ጭቆና ግፍዒ እንተኾይኑ መዕቀኒኡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዘሎ ጨቋኒ ስርዓት ንክለዓል ኩሉ እቲ መዐቀኒታት ደረታቱ ሓሊፉ ኢዩ። ካብዚ ንላዕሊ ክወርድ ዝኽእል በደል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ የለን። ኩሉ መዳይ ሂወት ናይ ህዝቢ ብምግባት፡ ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ሓንቲ ቃል ዘይብሉ ኮይኑ ክሽይድ ምግባር ዝዓበየ በደል ሓደ ገዛኢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝብይኖ ኢዩ።

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ኣብ ውሽጢ ነዊሕ ታሪኽ ሂወቱ ርእይዎን ገጢምዎን ዘይፈልጥ፡ በዚ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝወርዶ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ደረቱ ዝሓለፎ ሰብኣዊ ግህሰታትን በደላትን ንምቅዋምን ንምስዓርን ዝኾነ ዘድማዓሉ ኣገባብ ቃልሲ ክጥቀም ሕጋዊ ህዝባዊ መሰሉ ኢዩ።

እቲ ብህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ካብቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዘውርድሉ ዝነበሩ ስቅያት ዝበዝሕን ዝገድድን ክነሱ ስለምንታይ ህዝቢ ኣንጻር እዚ ስርዓት ክተት ኢሉ ኣይተላዕለን ግን ዓቢ ክምለስ ዘልዎ ሕቶ ኢዩ።

እዚ ሕቶዚ መልሲታቱ ብዙሕ ክኽውን ዝኽእል እኳ እንተኮነ፡ ክተኩረሎ ዝደሊ ጎለ ካብኡ ግን ኣብ ውሽጥና፡ ኣብ ዉሽጢ እቶም ናይ ለውጢ ሓይልታት ንዘሎ ኢዩ። ኩሉ እቲ መልስታት ኣብዚ ንምቕራቡ እንተዘይተኻእለ እቲ ፍሩይን ኣጠቓላሊ ነጥብን ክበሃል ዝከኣል፡ ዘለዋ ተቓወምቲ ውድባት ንህዝቢ ዘተኣማምንን ተስፋ ዝህብን ሃለዋት ገና በጺሐንኦ ዘይምህላወን ኢዩ። ህዝቢ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ጸሊእዎን ርሒቕዎን እናሃለወ፡ ብኡ መጠን ግን ንተቓወምቲ ውድባት ከም መተካእታ ኣሚኑ ከምቲ ዝድለ ገና ቀሪቡወን ዘይምህላዉ ኢዩ።

መንእሰያት ኤርትራ ምስዚ ኩሉ ዘለዎም ጽልኢ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ህግዲፍ፡ ኣብ ስደት መጺኦም ውን እንተኾነ ከምቲ ዝድለ፡ ከምቲ ታሪኽ ዝጽበዮም ዝተወደበ ቃልሲ ኣንጻር እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከካይዱ ኣይራኣዩን ወይ ውን ናብ ዝጸንሓ ውድባት ክሕወሱ ኣይከኣሉን።
ናይዚ ምኽንያት ከኣ እተን ውድባት ተስፋ ዝህብኦ ኮይነን ስለዘይተረኽባ ኢዩ። ህዝቢ ተቓውሞኡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንክሰጋግር ክኽእል ውድባት ኣገዳሲ ታሪኻዊ ተራ ኣለወን። ነዚ ተራዚ ክበቕዐኦ ክኽእላ ልቢ ናይ ህዝቢ ክርድኣን፡ መተካእታ ናይዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝኾነ ራእይ ጨቢጠን ብተግባር ክንቀሳቐሳሉን ከድልየን ኢዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካእ፡ ዲሞክራስያዊ ስራሕ ኣብ መላእ ሂወት ተቓወምቲ ሓይልታት ካብ ሕጂ ክጅመርን ክዝውተርን ኣለዎ።

ክቡራት ደቂ ሃገር፡

ሎሚ ንሸሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮ ክንዝክር ከሎና ከም ተቓለስቲ ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን፡ ንምንጋስ ማሕበራዊ ፍትሕን፡ ማዕርነትን ሰላምን ኮይንና ኢና እንዝክሮ ዘሎና። ጠቕላላ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ተረጊጹ፡ ውርደት ስቓይን ናይ ዝወርዶ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝበዝሐ ክፋሉ ዝኾነት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ እታ ቀዳመይቲ ንጭቆና ዝተጻጠሐት ኢያ።

መንግስቲ ህግዲፍ ኣብ ሕብረተሰብና ኣብ ባህላዊ መዳይ ዝፍጽሞ ዘሎ ጉድኣት፡ ምረቱ ዝያዳ ዝልብልቦ ንጓለ-ኣንስተይቲ ኢዩ። ኣብ ግዝኣት ህግድፍ፡ ስድራ-ቤት ከም መሰረታዊት ኣሃዱ ናይ ሕ-ሰብ መጠን ኣብ ህንጸት ባህላውን ማሕበራውን ሂወት ግደኣ ጠፊኡ፡ ኣብ ትሕቲ ፍቕሪ ስድራ ቢቶም ብጽቡቕ ስነ-ምግባር ኪዓብዩን፡ ኪልብሙን ኪእለዩን ዝነበሮም ትሕተ-ዕድመ መንእሰያት ካብ ስድራኦም ተመንጢሎም ናብ ዓውደ ኹናት ክውሰዱ ከለዉ ነታ ኣደ ኢዩ ዝያዳ ዘቐንዙ። ጓለ-ኣንስተይቲ ገዛ ዝናብይ ዝነበረ ሰብኣይ ብህግድፍ ተመንጢሉዋ ኣብ ጻሕ ዝበለ ጎልጎል እትበልዖ ዘይብላ ምስ ህጻናት ደቃ ክተርፍ ከላ እትኣትዎ ውርደት፡ ሽከሙ እታ ጓለ-ኣንስተይቲ ጥራይ ኢያ እትፈልጦ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕማቕ ኩነታት ብሰንኪ ህግዲፍ ምስ ወደቐት፡ ኹሉ ከኣልቲ ኢና ብዝብሉ ሰበ-ስልጣን እትረኽቦ ውርደት፡ ንወዲ ተባዕታይ ዘይበጽሕ ንጓለ-ኣንስተይቲ ጥራይ ዝበጽሕ ተወሳኺ በደል ኢዩ።

መርዓን ስድራ-ቤትን፡ ብሃይማኖታውን ባህላውን መለኪዒኡ፡ ኣብ ተመኩሮ ህግዲፍ ትርጉም ዘይብሉ ኢዩ ኮይኑ ተሪፉ። ምብትታንን ምፍታሕን ስድራቤት፡ እቲ ዝዓበየ ሽግር ኣብ ሕብረተሰባት ክነሱ፡ ኣብ ቅድሚ ህግዲፍ ግን፡ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ብኡ ኣቢሉ ዝመጽእ ማሕበራዊ ጸገም ኣይረኣዮምን። እታ እትፋታሕ ጓል-ኣንስተይቲ ክመጻ ዝኽእል ጸገማት፡ እቶም ዝውለዱ ቆልዑ ዝረኽብዎ መከራ ዝስቆሮም ኣይኮነን።

## ክቡራት ደቂ ሃገር

ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብዚ እትነብሮ ዘላ ሕማቕ ኩነታት እትርከብ ዘላ ብሰንኪ ኣገባብ ኣመራርሓን፡ ብሰንኪ ኣገባብ ኣተሓሕዛን ጉዳይ ሃገር ኢዩ። ነዚ እትነብሮ ዘላ ውዱቕ ኩነታት፡ መፍትሒኡ ንህሉው ምልካዊ ኣገባብ ኣመራርሓን ግጉይ ኣተሓሕዛን ጉዳይ ሃገር ቀይርካ፡ ኩሉ ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበረሉ፡ ህዝቢ ወሳኒ ተራ ዝሕዘሉ፡ ግዛኣተ-ሕጊ ዝነግሰሉ ዲምክራሲያዊ ስርዓት ምትካል ኢዩ። በዚ ኣቢሉ ጥራይ ኢዩ መስላት ደቀ-ኣንስትዮ ተሓሊዩ፡ ዕላማ ኣህጉራዊ መዓልት ደቀ-ኣንስትዮ ተግባራዊ ዝኸውን። በዚ ኣቢሉ ጥራይ ኢዩ፡ ኣብ ነዊሕ ቃልስና ዝወደቑ ጀጋኑ ብሞያኦም ሂያዋን ዝኾኑ። በዚ ኣቢሉ ኢዩ ህዝብና ብፍረ ዋጋ ነዊሕ ቃልሱ ክኽብርን፡ ርህይዎ ክነብርን ዝኽእል።

ንሕና ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ከም ደቂ ህዝቢ፡ ከም ኤርትራውያን፡ ብዘይካ ተውዲብካ ብምቅላስ፡ እዚ  ዘሎ ኩነታት ክቕየር ኣይክእልን ኢዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ስለዘሎና ኣብ ውድብ ተሓኤ ሰ.ባ ተወዲብና ንቃለስ ኣለና። ነዚ ቃልሲ እዚ ውን ብዘይ ራእይን ብዘይ ምሕንጻጽ ከዐውት ዝኽእል ስትራተጂን ክንከዶ ስለዘይከኣል፡ ናይ ዓውት ስትራተጂ ሓንጺጽና ንኸዶ ኣለና። እዚ ናይ ዓወት ስትራተጂ እዚ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓ ስውእ ብጻይ ስዩም ተተሊሙ ዝስረሓሉ ዝነበረ፡ መላእ ኣባል ውድብ ንምዕዋቱ ዝቃለሰሉ ዘሎ ኢዩ። ናይ ዓወት ስትራተጂና ኣብዞም መዳያት ዚኣኦም ዘትኮረ ኢዩ።

## ኣብ ውድባዊ መዳይ ከነዐውቶ እንቃለሰሉ ጉዳያት

- ኣብ ውሽጢ ውድብ ዲሞክራስን ትካላዊ ኣሰራርሓን ክምዕብል ክቃለስ ኢዩ።
- ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ናይ ውድባዊ ትካላቱ፡ ምሉእ ግዜኦም ናብ ውድባዊ ስራሕ ዘትኮሩ ካድራት ብምምዛዝ ኣበርክቶኡ ኣብ ቃልሲ እናኣዕዘዘ ኢዩ።
- ነቶም ኣብ ነዊሕ ቃልሲ ርኡይ እጃም ዝነበሮም ሃገራውያን ደሞክራስያውያን ባእታታት ቃልሲ ኤርትራ ንምጥርናፍ ጽዑቕ መደባት ብምክያድ ኩሉ ብቕዓታቶምን ክእለታቶምን ዝዋፈረሉ ናይ ስራሕ ሜዳ ክኸፍት እዩ።
- ኣቐዲሙ ኣብ መስርሕ ዝጸንሐ ዕዮታት ምጥርናፍ ናይ መንእሰያትን፡ ምሕዳስን ምምዕባልን ክበባት መንእሰያትን፡ ክቕጽልን ክሓንን እዩ።

- ኣብ መደብ ዝጸንሐ ምድንፋዕ ስርርዓት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተግባራዊ መዳይ ፍጻሜኡ ክርኢን ሰፊሕ ተሳትፎ ኪረጋገጽን እዩ።

- ገንዘባዊ ዓቕሚ ውድብ ብምድንፋዕ ኣብ ዲፕሎማስያዊን ዜናውን ማሕበራውን መዳያት ጽዑቕን ሰፊሕን ዕዮታት ክሰላሰል እዩ።

*ኣብ መዳይ ሓይልታት ተቓውሞ*

- ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ውድብና ከም ኣካል ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከካይዶ ዝጸንሐ ዕማም፡ ኪቕጽሎን፡ እቲ ስምምዕ ብዝገዝኦ መደባት መሰረት ሕጂ'ውን እጃሙ ከልዕልን፡ ብዘይስልኪ ንያት ንምምዕባሉ ክጽዕትን እዩ።
- ብፕሮግራም ደረጃ ምስ ዝመሳሰልዎ ተቓወምቲ ውድባት፡ ዝህልዎ ፍልልያት ከጻብብን ናብ ዝለዓለ ስምረታዊ መስርሕ ንኺሰጋገር ክጽዕትን እዩ።
- ብመልክዕ በርጌሳዊ ማሕበራትን፡ ዜናዊ ማዕከናትን ካልእ ዝተፈላለዩ ናይ ተቓውሞ ምንቅስቓሳትን፡ ንሃገርና ኤርትራ ናብ ደሞክራስያዊ መስርሕ ንኽሰጋግሩ ከም ናይ ጸቕጢ ሓይሊ ዝነጥፉ ኣካላት ሕብረተሰብና፡ ንኺዓብዩን ተራኦም ክዓሙን፡ ብዘይ ምቑጣብ ክተሓባበርን፡ ዝተወሃሃደ ዕዮ ንኽካየድ ክጽዕትን እዩ።
- መላእ ህዝቢ፡ መሰላቱ ንምርግጋጽ ዘካይዶ ቃልሲ፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ናብ ዘይሰዓር ሓይሊ ንምቕያሩን፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክዓኩኽ ዝርከብ ህዝባዊ ተቓውሞ ንምድጋፍን ንምውህሃዱን፡ ቀጻሊ መደባት ሰሪዑ ክንቀሳቐስ እዩ።

*ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳይ*

- ነቲ ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ዲፕሎማስያዊ ውጥን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ (ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ.) ኣብ ጭቡጥ ምዕራፋቱ ንምብጻሕ ብኣትኩሮ ከሰላስሎ እዩ። ብፍላይ ምስ ናይ ከባቢና ኣሕዋት ህዝብታትን መንግስትታትን ኣብ ሓድሕድ ምክብባር ተመርኵሱ ዝተፈጥረን ክምዕብል ዝጸንሐን ሰናይ ዝምድናታት፡ በቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣወንታዊ መስርሕ ክቕጽልን፡ ህዝብና ምስ ኣህዛብ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብሰላምን ሕውነታዊ ምክብባርን ናይ ምዕባሌኦም ጕደና ንኽግጐዓዙ፡ ውድብና ልዑል እጃሙ ከልዕል እዩ።
- ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ጕንጺ፡ ብዝርኢ፡ ውድብና ሒዝዎ ዝጸንሐ መርገጽ ብምቕጻል፡ ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስን ኣህጉራዊ ውሳኔ ኮሚስዮን ዶብን ብሰላማዊ መንገዲ ንኽፍታሕ ጸዓታት ከካይድ እዩ።
- ናይ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚስዮን ስደተኛታት፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዝወሰዶ ብይን፡ ሰደተኛዊ ተፈላጥነትን መሰላትን ኤርትራውያን ይገሃስ ስለ ዘሎ፡ ሰውራዊ ባይቶ እቲ ብይን ንኽሰሓብን መሰል ስደተኛታት ንኽምለስን ክጽዕት እዩ።

*ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን*

*ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀ-ኣንስትዮን ንመዓልቲ ኵናት ተጎርባን ደሪብና ከነብዕለን ከለና፡ ከም መዓልታት ዘኪርናዮን ንምሕላፍ ዘይኮነስ ታሪኻዊ ቁምነገረን ክንወርሶ ክንክእል ኣለና። ክልቲኣን መዓልቲታት ነቲ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ኩነታት በቢመዳየን፣ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ቃልሲ ዘሰጋገራ ኢየን ኔረን። ንሕና ውን ቃልስና ከነሐይል፡ ነብሲ-ወከፍና፡ ከም ውድብ ዲዩ ከም ጉጅለ፡ ከም ማሕበር ዲኡ ከም ውልቀ-ሰብ ኣበርክቶኡ ኣብዚ ናይ ለውጢ ቃልሲ ከዐቢ ዝግብኦ ኢዩ። ተኸቲልናዮ ክንመጽእ ዝጸናሕና ናይ ቃልሲ ኣገባብን እናሰነዮ ዝመጸ ኣሉታዊ መንፈስን ወጊድና፡ ኣብ ሓድሕድና ምርድዳእን ምክብባርን ምክእኣልን ብምዝውታር ናይ ኩላትና ዓቕሚ ናብ ሓደ ዕላማ ብምጽማድ ንህዝብና ካብዚ ዝነብሮ ዘሎ ኣበሳ ንክገላገል ንሓግዞ።*

**ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!**

**ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት ኢዩ!**

**ካስል 18-03-2006**